ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራስያዊ ለውጢ الوحدة الارترية للتغيير الديمقراطي
Eritrean Unity for Democratic Change

---

# ናይ ሓዘን መግለጺ

ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ብምኽንያት መስዋእቲ ዶክቶር ሃብተ ተስፋማርያም ኣቦ መንበር ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝተሰመየ መሪር ሓዘን ንደንበ ተቓውሞ ብሓፈሻ ንኣባላት ውድብ ግ.ሃ.ድ.ኤ. ድማ ብፍላይ እገልጽ።

ዶክቶር ሃብተ ካብ ንእስነቱ ጀሚሩ ዋላውን ኣብቲ ከዕርፈሉ ዝግባእ ዕድመኡ እውን እንተኾነ ደኺመ ከይበለ ኣብ ፖለቲካ ሃገርና ንጡፍ ተራ ዝነበሮ መራሒ ኮይኑ፡ ዕድመኡ ሙሉእ ዝተቓለሰሉ ኣብ ዓወት ከይበጽሐ ካብዛ ዓለም ምፍላዩ ኣዝዩ ዘሕዝን እዩ። ይኹን እምበር ዶክቶር ሃብተ ይኹን ቅድሚኡ ዝሓለፉ ስዉኣትና ምእንቲ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ዝተበገሱሉ ቅኑዕ ዕላማ ወትሩ ህያው እዩ።

ንስዉእ መንግስተ ሰማያት የዋርሶ፡ ንስድራቤትን ፈተውትን ድማ ጽንዓት ይሃብ ንብል።

ፈጻሚ ሽማግለ ኤስደለ